# ኤርምያስ 7

1 እቲ ኻብ እግዚኣብሄር ናብ ኤርምያስ ዝመጾ ቓል ከምዚ ይብል፡
2 ኣብ ደገ ቤት ደው በል እሞ ኣብኡ ኼንካ እዚ ቓል እዚ ስበኽ በልውን፡ ኣቱም ንእግዚኣብሄር
ክትሰግዱ በዘን ደጌታት እዚኣተን እትኣትው ሰብ ይሁዳ ዅላትኩም፡ ቃል እግዚኣብሄር ስምዑ።
3 እግዚኣብሄር፡ ጐይታ ሰራዊት ኣምላኽ እስራኤል፡ ከምዚ ይብል ኣሎ፡ መገድኹምን ግብርኹምን
ኣጸብቑ፡ ኣነ ኸኣ ኣብዚ ስፍራ እዚ ኸንብረኩም እየ።
4 መቕደስ እግዚኣብሄር፡ መቕደስ እግዚኣብሄር፡ መቕደስ እግዚኣብሄር እዚ እዩ፡ ኢልኩም ኣብ ቃላት
ሓሶት ኣይትውከሉ።
5 መገድኹምን ግብርኹምን ብሓቂ እንተ ፈረድኩም፡
6 ንጓናን ዘኽታምን መበለትን እንተ ዘየጨነቕኩም፡ ኣብዚ ስፍራ እዚ ንጹህ ደም እንተ ዘየፍሰስኩም፡
ደድሕሪ ኻልኦት ኣማልኽቲ ኸኣ ንጕድኣትኩም እንተ ዘይሰዐብኩምሲ፡
7 ሽዑ ኣነ ኣብዛ ነቦታትኩም ንዘለኣለም ኣለም ዝሀብክዋ ምድሪ፡ ኣብዛ ስፍራ እዚኣ ኸንብረኩም እየ።
8 እንሆ፡ ንስኻትኩም ኣብ ዘይጠቅም ቃላት ሓሰት ትውከሉ ኣሎኹም።
9 ኣየ፡ ንስኻትኩም ትሰርቁ፡ ትቕትሉ፡ ትዝምው፡ ብሓሶት ትምሕሉ፡ ንበዓል ትዕጥኑ፡
ንዘይትፈልጥዎም ካልኦት ኣማልኽቲውን ትስዕቡ፡
10 ናብዚ መጺእኩም ከኣ፡ ኣብዛ ብስመይ እተሰምየት ቤት ኣብ ቅድመይ ቋምኩም፡ ኲሉ እዚ ፍንፋን
ግብሪ እዚ ምእንቲ ኽትገብሩ፡ ድሕናት ኢና፡ ትብሉ ኣሎኹም።
11 እዛ ብስመይ እተሰምየት ቤትዶ ኣብ ቅድሚ ዓይንኹም በዓቲ ጐሓሉት ኰነት? እንሆ፡ ኣነ ባዕለይ
ርእየዮ እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር።

# ፊሊጲ 3

17 ኣሕዋተየ፡ ንኣይ ምሰሉ፡ ከምቲ ንሕና ኣርኣያ ዝዀንናኩም፡ ኣብቶም ከምኡ ኢሎም ዚመላለሱ
ኣስተብህሉ።
18 ከምቲ ብዛዕባኦም ብዙሕ ሳዕ ዝበልኩኹም፡ ሕጂውን እናበኼኹ እብል ኣሎኹ፡ ብዙሓትሲ ጸላእቲ
መስቀል ክርስቶስ ኰይኖም ይመላለሱ እዮም።
19 መወዳእታኦም ጥፍኣት እዩ፡ ኣምላኾም ከብዶም እዩ፡ ክብረቶምውን ኣብ ነውሮም እዩ፡ ሓሳቦም
ከኣ ናይ ምድሪ እዩ።
20 ንሕና ግና ሃገርና ኣብ ሰማያት እያ፡ ካብኣውን መድሓኒ፡ ንሱ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ፡ ንጽበ ኣሎና።
21 ንሱ በቲ ንዅሉ ኺመልከሉ ዚከኣሎ ሓይሊ ነቲ ኽቡር ስጋኡ ምእንቲ ኺመስል፡ ነዚ ናይ ውርደት
ስጋና ኺልውጦ እዩ።

# ማርቆስ 12

38-39 ብምህሮኡ ኸኣ በሎም ፥ ካብቶም ነዊሕ ባርኖስ ተኸዲኖም ዚዞሩን ኣብ ዕዳጋውን ኪሳለምዎም
ዚፈትዉን ኣብ ቤት ጸሎት ኣውራ ምቕማጥ፡ ኣብ መኣዲ ኸኣ ስፍራ ኽብሪ ዚደልዩን ጸሓፍቲ
ተጠንቀቑ።
40 ኣባይቲ መበለታት ይውሕጡ፡ ኬምስሉ ኸኣ ጸሎት የንውሑ። እዚኣቶም ዝገደደ ፍርዲ ኪቕበሉ
እዮም።
41 የሱስ ድማ ኣብ መንጽር ሳጹን ምጽዋት ተቐሚጡ፡ እቶም ሰብ ኣብቲ ሳጹን ምጽዋት ከመይ
ገይሮም ገንዘብ ከም ዜውድቑ ረኣየ። ብዙሓት ሃብታማት ብዙሕ ኣውደቑ።

42 ሓንቲ ድኻ መበለት ከኣ መጺኣ ኽልተ ለብጦን፡ ሓደ ቆድራንቴን ዚኣክል፡ ኣውደቐት።
43 ንደቀ መዛሙርቱ ጸዊዑ ኸኣ ፥ እዛ ድኻ መበለት እዚኣ ኻብዞም ኣብዚ ሳጹን ምጽዋት ዘውደቑ
ኹሎም ዚበዝሕ ከም ዘውደቐት፡ ብሓቂ እብለኩም አሎኹ።
44 ኵሎም ካብ ተረፎም እዮም ዘውደቑ እሞ፡ እዚኣ ግና ካብ ድኽነታ ዘለዋ ዘበለ ኹሉ ምግባ እያ
ዝሃበት፡ በሎም።